ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ማእከል ኣድያቦ ብናይ ፕሮግራም ዘላቂ ኣታሕዛ መሬት ወረዳ ማእከል ኣድያቦ በጀት ዝክፈል ዝተፈላለዩ ዕድጊታት ማለት ናይ እፅዋት ዘርኢን ፡ ኣትክልትን ፍራምረን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 22, 2018 ( ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 25, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ላዕላይ አድያቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 25, 2018 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲን ውፅኢት ሕርሻ/

ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ማእከል ኣድያቦ ብናይ ፕሮግራም ዘላቂ ኣታሕዛ መሬት ወረዳ ማእከል ኣድያቦ በጀት ዝክፈል ዝተፈላለዩ ዕድጊታት ማለት ናይ እፅዋት ዘርኢን ፡ ኣትክልትን ፍራምረን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

ጨረታ ዝተጋወሐሉ ዕለት 22/7/2018 ዓም ብድምፂ ወያነ ሬድዮ እዩ

1 ናይ ብናይ እፅዋት ዘርኢን ፡ ኣትክልትን ፍራምረን ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም መረዳእታ እተቅርቡን

2 ናይ 2017 ዓም ግብሪ ከፊልኩም ናይ 2018 ዓም ፍቃድ ንግዲ ዝሐደስኩም

3 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ሰርተፊኬት ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል

4 መፍለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለኩም ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል

5 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮንኩም ቅዳሕ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ

6 ናይ ወርሒ ጥሪ 2018 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥክምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ

7 ኣብ ፖስታ ዝዕሸግ ዝተደሰ ፍቃድ ንግዲ ፡ ዝተሐደሰ መቅረባይነት ፡ ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ ፡ ምዝገባ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምስክር ወረቀት ናይ ወርሒ ጥሪ 2018 ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ብቅዳሕ ከቅረቡ አለዎም

8 ተጫረቲ ንሕድሕድ ምድብ ብነናይ ባዕሉ ፖስታ ዓሺግኩም ክተቅርቡ አለኩም ነናይ ባዕሉ ፖስታ ዘይዓሸገ ተጫራታይ ካብ ዉድድር ወፃኢ ይከዉን

9 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ቅዳሕን ዋናን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ፖስታ ነንበይኑ ተዓሺጉ ኣብ ዝባኑ ምልክት ብምግባር ክቀርብ አለዎ

10 ኣብ መንግስታዊ ጨረታ ዝከነ ይኹን ትካል ዝተአገደ ነጋዳይ አብ ጨረታ ክሳተፍ ኣይክእልን

11ከይዲ ጨረታ ብዘይኣገባብ ንምዝባዕ ምፍታን ብሕጊ ዝሐትት ምካኑ ኣብ ጨረታ ከይሳተፍ ክስብ ምእጋድ ዘብፅሕ ስጉምቲ ዘስብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምካኑ ክርዳእ አለዎ

12 ተጫረቲ ዋጋ እንትንመለእ ናይ ሐደ ዋጋ ጠቅላላ ዋጋን አፈላለይ ክህልዉ የብሉን አፈላላይ እንተሃሊዎ ናይ ሐደ ዋጋ ጥራሕ ተቀባልነት ይህልዎ

13 ተጫረቲ ዋጋ እንትመልኡ ስርዝ ድልዝ ወይድማ ድምሳስ ክህልዉ የብሉን ስርዝ ድልዝ ወይድማ ድማሳስ እንተጋጥም ፓራፍ ክግበረሉ አለዎ ንምዉሳን አፀጋሚ ዝኮነ ስርዝ ድልዝ እንተጋጥም ተጫራታይ ካብ ዉድድር ወፃኢ ይከዉን

14 ናይ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን40 መዓልቲታት ይከዉን

15 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ዝሐዘ ካብ 10/7/2018 ዓም ክስብ 24/7/2018 ዓም ሰዓት 11:00 ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ፋይናንስን ማእከል ኣድያቦ ከተማ ዓዲሃገራይ ብኣካል እናቀረብኩም ዘይምለስ 200 እናከፈልኩም ሰነድ ጨረታ ክትወስዱ ትክእሉ

16 እቲ ጨረታ 25/7/2018 ዓም ሰዓት 4:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 5:00 ቀትሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት ተወዳደርቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይ ምርካብም አብ ጨረታ ሳነድቅ ዝአተወ ጨረታ ንምክፋት ኣይክልክልን

17 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ብሽም ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ማእከል ኣድያቦ ዝተሰረሐ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይድማ ጥረ ገንዘብ 15000 ቅርሺ ከትሕዝ ዝክእል

18 ዝሰዓረ ተጫረቲ ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ወፃኢ ነቲ ዘሸነፎ ንብረት ናብ ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ማእከል ኣድያቦ ከተማ ዓዲሃገራይ ከቅርብ ዝክእል

19 ሰዓራይ መቅረባይ ዝፍለዩሉ ብዝወፀ ድሌት መግለፂ መሰረት ኮይኑ ዝተሐተ ዋጋ ዘቅረብ ተወዳዳራይ ሰዓራይ ይከዉን

20 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0943661422 / 0946733458 / 0982802270

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle